**<u>ህዝባዊ ሰሚናር ኣብ በይ-ኤርያን ከባብን፡</u>**

**<u>ኣብ ትሕቲ “”ክተት ኣብ መድረኻዊ ግድነት”” ዝብል ቴማ፡</u>**

ሰንበት ሕዳር 7, 2021 ኣብ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኦክላንድ ካሊፎርንያ፡ ኣብ በይ-ኤርያን ከባብን ንዝነብር ህዝብና፡ ብዝኽረ ሰማእታት ቀጺሉ ብሃገራዊ መዝሙር ዝጀመረ፡ ኣብ ሕልዊ ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ዘተኮረ፡ ህዝባዊ ሰሚናር ብብጻይ ብርሃነ ገብሪሂወት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ፈጻሚ ጉዳያት፡ ኮምኡውን ብብጻይቲ ሓድነ ቀለታ ውድባውን ኮማውን ሓላፊት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ተቓኒዑ። ድሕሪ ንክልተ ዓመት ኣቢሉ ብምኽንያት ኮቪድ19 ማሕበረኮምና ንኣገልግሎት ተዓጽዩ ምጽንሑ እዚ ናይ መጀመርያ ኣኼባ እዩ። ተሳታፍነት ህዝቢ ከይተመስገነ ዝሕለፍ ኣይኮነን።

ኣዳላዊት ኮሚተ ሓይሊ ዕማም በይ-ኤርያ ንዝተዋህባ ሓላፍነት ብዓቢ ተገዳስነ ክማልኡ ዘለዎም ነገራት ማለት ካብ ህዝቢ ምዕዳም ክሳብ ጽርየት ኣደራሽን (ብመምርሒ ኮቪድ ዝእዝዞ)፡ ዝለዓለ ጸጥታዊ ጥንቃቐ ንክህሉ ሙቑእ ኩነታት ከም ዝፍጠር ምግባራ፡ ብተወሳኺ ህዝቢ ኣብ ዝወሃብ ሰሚናር ሙሉእ ኣቶኩሮ ንምግባር፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ተሳታፋይ ቴለፎናት (cell phones) ብምእካብ ኣዝዩ ጽፉፍ ስራሕ ተሰሪሑ።

ኣብዚ እቲ ቀንዲ ክድነቕ ዝግብኦ ህዝቢ ብዘይገለ ስክፍታ ብዝተዋህቦ መርሒ ተማእዚዙ ዝተሓቶ ምምላሱ ነቲ ጸጥታዊ ሸነኽ ብፍላይ ተለፎናን ሒዝካ ምእታው ዝፈጥሮ ዝነበረ ዘየድሊ ኣሉታዊ ጎንታት ንከይፍጠር ሙሉእ ምትሕብባር ምርኣዩ ከይተመስገነ ክሕለፍ ስለ ዘይግባእ ብስም ሃገራዊ ሸማግለን ሓይሊ ዕማም መደብን ዝለዓለ ምስጋናና ነቕርብ።

ህዝብና ነቲ ብህንጥዩነት ዝጽበዮ ዝነበረ ሰሚናር ብጽሞና ድሕሪ ምስምዑ ኣድናቖቱ ገሊጹ። ናብ ሕቶን መልስን ድማ ኣምሪሑ። ኣቕረብቲ ሰሚና ንዝተሓቱ ብርክት ዝበሉ ሕቶታት ብንጹርን ዘየዋላውን ብምምላሶም ህዝቢ ዕግበቱ ኣመስኪሩ፡ ድልዉነቱ ኣረጋጊጹ። ብጻይ ብርሃነን ብጻይቲ ሓድነትን ካብ ኣኸበኛ ዝቐረቡ ርእይቶናትን ለበዋታትን ተቐቢሎም ሰሚናር ብዝኽሪ ሰማእታ ተደምዲሙ፡ ኣኸበኛ ዓወት ንሓፋሽ ኢሉ ብሰላምን ዕግበትን ነናብ ቦቱኡ ተፋንዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ሞሳ ንምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር


















ዝመጸ እንተመጸ ዓንዳሪ፡ ዝመጸ እንተመጸ ፈካሪ፡ ዝመጸ እንተመጸ ወራሪ ንሓድነትና የለን ሰባሪ።